
## ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘይሕጋዊ እዩ

ኣብ ስዊዘርላንድ ምኽንሻብ ማለት ምጉዳል ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ ማለት እዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ ስዊዘርላንድ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ማእሰርቲ የቕጽዕ። እዚ መቕጻዕቲ ነታ ትኽንሽብ ውን ይምልከት እዩ፡ እንተ ተሰማሚዓ ገራቶ።
ኩሎም ዝኸንሽቡ ወይ ኣብ ምውጣን ዝተሳተፉ ሰባት ብሕጊ ተሓተቲ እዮም ንኣብነት ዶክተረ፡ ሓኪም፡ ቆራጻይ፡ መቃሳይ፡ ወለዲ ወይ ኣባላት ሰድራቤት። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስዊዘርላንድ ወጻኢ እንተተፈጸመ'ውን ብሕጊ የሕትት እዩ።
ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ይኩን ብቡዙሓት ሃገር እጉድ እዩ።

### ሕጋዊ ምክልኻል ንምቑራጽ ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ



■ ምኹናን

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዩ ዝኾነና ሃገራት፡- ኩለን ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ግብጺ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣውስትራልያ፡ በኒን፡ ቡርኪና-ፋሶ፡ ኤቨራ-ኮስት፡ ጁቡቲ፡ ኤርትራ፡ ጋና፡ ጊኒ፡ የምን፡ ካናዳ፡ ኬንያ፡ ሙሪታንያ፡ ኒጀር፡ ናይጀሪያ፡ ኒው ዘርላንድ፡ ሰነጋል፡ ሱዳን፡ ሳውዝ-ኣፍሪቃ፡ ታንዛንያ፡ ቶጎ፡ ጫድ፡ ዩጋንዳ፡ ሑቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ርፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ (Juli 2010)

ንቡዙሓት ሃገራት ኣፍሪቓ ናይ ሓበሬታ ዘመተ፡ ፊሊምን ትያትርን ናይ ምክልኻል ስራሕ ይቕረበለን። ቡዙሓት ማሕበረ-ሰብ ብጉልጽን ብሓባርን ተቓውሞኦም ኣንጻር ምቕጻል ልምድታት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ የካይዱ።

## ኣገደስቲ ኣድራሻታት

ተወሳኺ ኣድራሻታትን ናይ ሓገዝ ኣማራጺታትን ትረኽብሎም መንገድታት ንምፍላጥ ምስ ስዊዘርላንድን ካሪታስ ወይ ናይ ስዊዝ ቴሪ ደ ፋም ተራኸቡ
**Caritas Schweiz – Vermittlungsstelle für die Prävention von Mädchenbeschneidung in der Schweiz,** Löwenstrasse 3, 6002 Luzern, 041 419 23 55 (ካሪታስ ስዊዘርላንድ፡ ትካል ምክልኻል ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስዊዝ)
**TERRE DES FEMMES Schweiz,** Standstrasse 32, 3014 Bern, 031 311 38 79 (ቴሪ ደ ፋም)

### ሕክምናዊ ሓገዛት

**Frauenklinik Inselspital Bern,** Effingerstrasse 102, 3010 Bern, 031 632 16 14 (ክልኒክ ደቂኣንስትዮ በርን)
**Centre hospitalier universitaire Vaudois, Département de Gynécologie et Obstétrique et de Génétique médicale** (ማእከል ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ካንቶን ቫዶት ናይ ክፍሊ ሕርሲ፡ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ፡ ሕክምናዊ ጀነቲክስን)
Unité psycho-sociale, Av. Pierre Decker, 1011 Lausanne, 021 314 32 45 (ክፍሊ ማሕበራዊ ስነ-ኣእምሮ ሎዛን)
Gynécologie pour adolescentes, UMSA, Av. Beaumont 48, 1011 Lausanne, 021 314 37 60 (ሕክምና መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ሎዛን)
**Hôpitaux Universitaires de Genève (HUG)** (ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ጀነቭ)
Département de gynécologie et obstétrique, 30, bd de la Cluse, 1205 Genève, 022 382 68 16 (ሕክምና ደቂ ኣንስትዮን ክፍሊ ሕርሲን ጀነቭ)
Département de médecine communautaire et de premier recours, Planning Familial (CIFERN), 47, bd de la Cluse, 1205 Genève, 022 372 55 00 (ክፍሊ ኮማዊ ሕክምና፡ መባእታዊ ክንክንን ውጥን ስድራቤትን)
**Klinik für Gynäkologie, Universitätsspital Zürich,** Frauenklinikstrasse 10, 8091 Zürich, 044 255 50 36/37 (ክፍሊ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ዙሪክ)
**Frauenklinik Universitätsspital Basel,** Spitalstrasse 21, 4031 Basel, 061 265 90 43 (ክሊኒክ ደቂ ኣንስተዮ ሆሰፒታል ዩኒቨርሲቲ ባዝል)
**Clinique Vert-Pré,** Centre de Chirurgie Plastique, 15 chemin de la Colombe, 1231 Conches / Genève, 022 704 31 13 (ማእከል ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ጀነቭ)
**Frauenklinik Kantonsspital St. Gallen,** Rorschacherstrasse 95, 9007 St. Gallen, 071 494 20 21 (ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ሆስፒታል ካንቶን ሳንጋለን)
**Département gynécologie obstétrique CHCVS,** Hôpital de Sion, Avenue du Grand-Champsec 80, 1905 Sion, 027 603 42 16/17
(ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ሆስፒታል ካንቶን ስዮን)
ምኽርን ማዕዳን ብዛዕባ ጥንስን ውጥን ስድራቤትን ንምርካብ ኣበሲ ዝስዕብ ዌብ ሳይት ተወከሱ www.isis-info.ch

### መራኸቢ ቦታን ሓገዝን ንደቂኣንስትዮ ስደተኛታት ማእከል

**Bern:** Somalische Frauengruppe, 078 901 50 92 (በርን፡ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ሶማልያውያን)
**Genève:** Camarada (accueil et formation élémentaires pour femmes migrantes), Chemin de Villars 19, 1203 Genève, 022 344 03 39 ጀነቭ፡ ካማራዳ (ምቕባልን ምሃብ መሰረታዊ ትምህርቲ ንደቂ ኣንስተዮን)
**Lausanne:** Appartenances (accueil, orientation, espaces de rencontre, formation, soutien psychothérapeutique), Rue des Terreaux 10, 1000 Lausanne 9, 021 351 28 80 ሎዛን፡ ኣባልነት (ደገፍ፡ምኽር፡ ምራኸቢ ቦታ፡ ትምህርቲ፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ተረፒ ሓገዝ)
**Ostschweiz/Zürich:** Ostschweizerische Frauengruppe, 078 895 53 45 ማሕበር ደቂኣንስትዮ (ምስራቕ ስዊዘርላን ዙሪክ)
**Sion:** Association KALKAL, 079 613 93 47 (ሲዮን፡ማሕበር ካላካላ)
**Ticino:** Antenna MayDay, Via Merlina 3a/b, 6962 Viganello, 091 973 70 67 / Comunità africana del ticino, Lugano, 076 702 56 23 (ተሲን)


### ሚንጪ ጽሑፋት

ሓበሬታ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮ - ንሕና ንደቅና ንከላኸለለን - ሓበሬታ ንወለድን ንግዳያት ደቂኣንስትዮን
ትግርኛ / Tigrinya (Eritrea) / Tigrigna (Erythrée) / ቴር ደ ፌም ስዊዘርላንድ በርን ተሓዲሳ ዝወጸት 2010
Übersetzung durch: Yohannes Berhane, abkulu@yahoo.com; ትርጉም፡- ብዮውሃንስ ብርሃነን;
Yohannes Zewde, jonathamn_mer@yahoo.com; ትርጉም፡- ብዮሃንስ ዘውደን
እዚ ሓበሬታ ምስ ተክኒካውን ፋይናንሳዊን ሓገዝ ካብ በሚገስ ብሉስ ይርከብ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ፕሮግራም 2008-2013 ናይ ስደተኛታትን ጥዕናን
ጠለብ፡ www.migesplus.ch – ጥዕናዊ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ቛንቛታት ካብ ስዊዝ ቀይሕ መስቀል ክፍሊ ጥዕናን ምውህሃድን ወይ www.terre-des-femmes.ch
ዝተቶርጎመ ቋንቋ: ጀርመን ፈረንሳይ ኢንግሊዘኛ ዓረብኛ ኣምሓርኛ ሶማሊኛ ትግርኛ
TERRE DES FEMMES Schweiz, Standstr. 32, 3014 Bern, 031 311 38 79, fgm@terre-des-femmes.ch (ቴር ደ ፌም ስዊዘርላንድ)


Layout: www.alscher.ch

ትግርኛ / Tigrinya (Eritrea) / Tigrigna (Erythrée)



# ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮ — ንደቕና ክንከላኸለለን ኢና

## ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂነስትዮ


Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

Federal Department of Home Affairs FDHA
**Federal Office of Public Health FOPH**

migesplus

TERRE DES FEMMES
Schweiz


ምኽንሻብ ኣዋልድን ድቂ ኣንስትዮን ኣዝዩ ሓደግኛ ናይ ጥዕና ጸገማት የስዕብ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ክኣ ዘይሕጋዊ እዩ!

## ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እንታይ ማለት እዩ?

ምጉዳል ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ማለት ክፊላዊ ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ምጉዳል ወይ ካልእ ዓምጽ ኣብ ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ ብዘይ ዝኾነ ጥዕናዊ (ሕክምናዊ) ምኽንያት ማለት እዩ። ምኽንሻብ ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ ንሽፋን ቐንጢር ወይ ንቐንጢር (ሙቕራጽ/ሱና), ቐንጢርን ታሕተዋይ ከነፊር በልዕቲን (ዝተቐርጸ) ላዕለዋይ ከነፊር በልዕቲን ንእሽቶ ቀዳድ ብምግዳፍ ይስፊ (Infibulation) ።

ምጉዳል ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ቡዙሕ ዓምጻዊ ስራሓት ኣብ ልዕሊ ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ የጠቓልል (ንኣብንት፡- ምፍሓር፡ ምቑራጽ፡ ምቕዳድ ውይ ክኣ ምቅጻል ቐንጢር)

## እንታይ ዓይነት ሓደጋታት ክስዕቡ ይኽእሉ ምኽንሻብ ግዳማዊ ኣካላት መፍረ ደቂ ኣንስትዮ?




እቲ ሳዕቤናት ክፈላለ ይክእል እዩ ብምኽንያት ኣገባብ ምኽንሻብ።

## ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ነጥቡታት

ምኽንሻብ ናብ ንቡር ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ብምኽንሻብ ዝስዕቡ ሽግራት ክሕከሙ ይክእሉ እዮም። ንብልዕቲ ጓል ኣንሰተይቲ ንምግፋሕ ዝግበር ናይ መጥባሕቲ ተኽእሎታት ኣሎ ወይ ቁሩብ ንቐንጢር ናብ ንቡር ምምላስ።.

### ናትኪ ሕጋዊ መሰላት

መሰል ኣለኪ ሓበሬታን መግለጺታትን ካብ ኪኢላ ሕክምና ክትረኽቢ። ናይ ቋንቋ ሽግር እንተለኪ ቶርጋሚ ንኽቐርበልኪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

ንእትኣምንዮ ክኢላ ባዓል ሞያ ጥዕና ጸገማትኪ ከተካፍልዩ።.

ኣይትወላወሊ፡ ብግልጽ ምስ ክኢላ ባዓል ሞያ ጥዕና ተዘራረቢ። ቡዙሕ ኣፍልጦ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዘለዎም ቡሉጽ ሕክምናዊ ምክንኻን ክገብሩልኪ እዮም።

### ጥንስን ሕርስን

ኣብ እዋን ጥንሲ ብዝካኣል መጠን ምስ ናይ ሕርሲ ዶክተርኪ ብዛዕባ ንምኽንሻብ ዝምልከቱ ጉዳያት ዝርርብ።

### ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ

ኣገዳሲ እንተ ኾይኑ ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍን ሓብሬታን ክትረኽቢ ኣለኪ።

ሕክምናዊ መጥባሕቲ ንዝተሰፍየ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ገለ ሳዕቤናት የድሕን እዩ። እዚ ነቲ በሰላ ንብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝሸፈኖ ንኽኽፈት ይሕግዝ። እዚ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ቃንዛ ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት፡ ኣብ እዋን ሽንቲ ማይ ምውጻእ ንዘጓንፍ ጸገማት፡ ሳሕቲ ንዘጓንፍ ረኽሲ ፍሕኛ፡ ኣብ ፈለማ ስጋዊ ርክብን ኣብ እዋን ሕርስን ንዘጓንፍ ቃንዛ የጉድል። ስለዚ ብልዕታ ዝተሰፍየት ነፍሰ-ጾር ናይ ግድን ኣይኮነትን ብመጥባሕቲ ክትገላገል፡ ብሉሙድ ኣገባብ ክትገላገል ይካኣል እዩ። እዚ ዓይነት ሕክምናዊ መጥባሕቲ ቅድሚ ወይ ኣብ እዋን ሕርሲ ክካየድ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ሕርሲ ዝተሰፍየ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣይዕቀብን እዩ።

## ካልኦት እንታይ ይብሉ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ?

«ዋላ ሓደ ሰብ ሃይማኖትኩም ጌጋ እዩ ዝበለ የልቦን፡ ዋላ ሓደ ሰብ ባህልታትኩምን ልምድታትኩምን ጌጋ እዩ ዝበለ የልቦን፡ ኩሉ ዝበልናዩ ምቑራጽ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ጌጋ እዩ። ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ኢና እንነብር ዘልና!»

ማርክ ኢማኑዌል፡ ኣፍሪቃ ሚሮር ፋውንደሽን

«ኣምላኽ ብልክዕ (ብፍጹም) ቅርጺ እዩ ፈጢሩኩም እትብሉ ሰባት ቅንጢር ክትስዱ ንልቦና (ንብልሒ) ፍጥረታት ኣምላኽ ኣብ ሕቶ ዘእቱ'ዶ ኣይኮነን?»

ሼኽ ኣብዱላሂ ጉዶው፡ ናይ ሃይማኖት ምሁር

«ሓቅታት ብዛዕባ ጹቡቕ ባህሊ ንዛረብ ኢና። ንደቅና ነፍቕሮም ኢና። ንብዕድመ ዝዓብዩና ኣባላት ሕብረተ ሰብና ነኽብርን ንኣረጋውያን ንከናኽንን። ነዞም ክብርታት ክንዕቅቦም ኣለና። ልምድታት ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮን አጓልትን ክልወጡ ኣለዎም።»

ዘይነብ ኣሕመድ፡ ዩኒሰፍ ኬንያ

«ያታ ዘይቅየር ቀዋሚ ኣይኮነን። ያታ ሓዲሽ ደርጃን ሓዲሽ ሓብሬታን ይውስኽ። እዚ ዓዳሚ ማሕበራዊ ለውጢ ንጉዳይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘተ ከእትዎ እዩ።»

ብርሃነ ራስ-ወርቅ፡ ፕርሲደንት ናይ ኢንተር-ኣፍሪቓ ኮሚተ

«ሎሚ ኣዝዩም ቡዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ዘይተኽንሸባ መርዑት ይደልዩ ኣለዉ፡ ቀዳምነት ካብ ቃንዛ ነጻን ጉቡእ ስምዒት ክህልዋ። ካልኣይ ካብ ናይ ተጽዕኖን ተሓታትነትን ስምዒት ናጻ ንሙኻን።»

ጀማል ሞሓመድ

«ምኽንሻብ ንምዕቃብ ክብረ-ንጽህናን ምስ ተፋላለዩ ጾታዊ ርክብ ንኸይትገብርን ውሕስነት የብሉን። ናይ ፍርያምነት ውሕስነት ውን የብሉን። ብኣንጻሩ ምኽንሻብ ንመኻንነት የስዕብ እዩ።»

ብርሃነ ራስ-ወርቅ፡ ፕርሲደንት ናይ ኢንተር-ኣፍሪቓ ኮሚተ